Hamar kommune

ሚያዝያ 2021

# ክትባት ኮሮና ኣብ ሃማር

ኮምነ ሃማር ኩሎም ነበርቲ ሃማር ክትባት ኮቪድ-19 ክረኽቡ ዕድል ሂቡ ኣሎ። ክትባት ኮሮና ብናጻ እዩ።

ክትባት ነቲ ለብዒ ኮሮና ደው ንምባል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ሰበ ስልጣን ጥዕና ሃማር፡ ኩሎም ነበርቲ ክኽተቡ ይመኽሩ።

## ብኸመይ ኢኻ ክትባት ክትረክብ እትኽእል፧

ኣብቲ ዲጂታላዊ ናይ ክትባት ተራ/መስርዕ መትሓዚ ኣቲኻ ተመዝገብ፦ www.hamar.kommune.no/koronavaksine

ወይ ከኣ በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ ተሌፎን ደዊልካ ተመዝገብ፦ 62 56 32 00 (ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ፡ ሰዓት 9-15)

## ቈጸራ ምሓዝ

ተራኻ ምስ በጽሐ፡ ካብ “Helseboka” ናይ SMS መልእኽቲ ክለኣኸልካን ንኽትክተብ ቈጸራ ኸተትሕዝ ክንገረካን እዩ።

ነቲ እተላእከልካ ሊንክ ብምጥዋቕ ወይ ናብቲ ናይ SMS መልእኽቲ እተላእከልካ ቍጽሪ ብምድዋል ቈጸራ ከተትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ውሽጢ እተፈላለየ ሰሙናት ክልተ ሳዕ ምእንቲ ኽትክተብ ክልተ ቈጸራ ኽወሃበካ እዩ። ኮቪድ ክትከላኸል ዝሕግዘካ ክልተ ሳዕ ምስ እትኽተብ እዩ።

ነቲ ቈጸራኻ ብናይ SMS መልእኽቲ መረጋገጺ ኽወሃበካ እዩ።

## እቲ ክትባት ኣበይ ኢኻ እትኽተብ፧

ኣብ ሃማር እቲ ክትባት ኣብ Vikingskipet እዩ ዝወሃብ። ኣድራሻ፦ Åkersvikvegen 1.

## ሕቶ ኣሎካ ድዩ፧

ብዛዕባ ክትባት ኮሮና ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ ንቐዋሚ ሓኪምካ ሕተቶ።

## ቀዳምነት ዝወሃቦም መን እዮም፧

ኣብ ሃማር ኣብ ሚያዝያ 2021 ክትባት ኮሮና ዝረኽቡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- 65 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ሰባት
- ከቢድ ሕማም ዘለዎም ካብ 18 ክሳዕ 64 ዝዕድሚኦም ሰባት

ድሕሪኦም ክትባት ዝረኽቡ ሰባት ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. ካልእ ሕማማት ዘለዎም ካብ 55-64 ዝዕድሚኦም ሰባት
2. ካልእ ሕማማት ዘለዎም ካብ 45-54 ዝዕድሚኦም ሰባት
3. ካልእ ሕማማት ዘለዎም ካብ 18-44 ዝዕድሚኦም ሰባት
4. ካብ 55-64 ዝዕድሚኦም ሰባት
5. ካብ 45-54 ዝዕድሚኦም ሰባት